## ጻዊዒት ንሰላማዊ ሰልፊ ኒውዮርክ
## ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
## ብበርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርማን

## ወሲና ብናይ ሐባር ስራሕ



ብስኒት ንጃንዳ ህግደፍ ኣቢልና ፋሕ
እወ መንገድና ናብ ኤረትራ ናይ ጽባሕ,

ንኒውዮርክ ንጉየ ኑኡስ ምስ ዓቢ
ደቂ ኤረይ ክነስምዕ ወጽዓ ህዝቢ
ናይ መወዳእታ ዕሰሉ ከም ንህቢ..

ኤረትራዊያን እንበዛ ዓሺና
ዓሺና መፍተት ደቂ ዓድዋ ኮና
ሞት ንህግደፍ ፍትሒ ንህዝብና
ንዝበረቐ ጸሐይና ንዝነገሰ ንጉስና
ኣይኮኑን ዝተበጀዉ ሰማእታትና..

ብዘይ ኣፋላላይ ብፍቕሪ
ንህግደፍ ክነርግጾም ጓህሪ
ንኒውዮርክ ንበገስ ብናህሪ..

ደቂ ዓደይ ኣስላማይ ክስታናይ
ኣብዚ ከብቅዕ ዓመት መጸ ዋይ ዋይ
ቅልጽምና ነስምሮ ጸረ ናይ ሐባር ኣባይ..

ሰላማዊ ሰልፊ ንእሰያሳዊያን ሕንከት
ጭርሖና ኣይሕከኽን ኤረትራዊ መንነት
ብኤረትራዊ መስዋእቲ ተራጋጊጹ ነጻነት
ብሰንኪ ህግደፍ ሐሲሩ ኤረትራዊ መንነት

*ሃየ ንጃንዳ ከም ጀነቫ ኣሸክሞም ሕፍረት..*

*ደጊም የብቅዕ እንቢ ንምልኪ,*
*ሐርነት ይሐትት መስዋእቲ*
*ባይታ ፈጠር ንጓየ ንለውጢ..*

*ንህዝቢ ዓለም ኣስሚዕዮ ኣውያትና*
*ኣብ ኒውዮርክ ይደምደም ሰልፍና*
*ንሰላማዊ ሰልፊ ካብ ንፍስሶ ስልድና*
*ምልዮናትና ነፍስሶ ንድሕነት ህዝብና*
*ባይታ ንውረድ ዳውን ዳውን ያኣኽለና..*

*ካብ ንሰላማዊ ሰልፊ ገንዘብ ክነፍስስ*
*ሙዑታት ክነፍሪ ኢድና ንሕውስ*
*ንሐዋሩ ኣብ ሃገርና ቀሲና ክንድቅስ..*

*ዳውን  ዳውን ያኣክል ደቂ ኤረ*
*ኣደ ጀጋኑ ክትርኢ ናይ ደቃ ፍረ*
*ከም ኢሰያስ ደም ጀጋኑና ዝሰገረ*
*ብሰላማዊ ሰልፊ ኣይረኤናን ዝተሳዕረ*

*ዝፈሰሰ ማይ ኣይሕፈስን*
*ካብ ዘረባ ወጺና ንወስን*
*ብዳውን ብዳውን ዲክታቶር ኣይፈርስን ..*

*ልሳን ህዝቦም 23 ሰነ ኣብ ጀነቫ*
*27 ጥቅምቲ ተኣኪቦም እንዳባ*
*ብልሳን ውጹዓት ኒውዮርክ ዓቕላ ክጸባ..*

*ንዝሰለኹ ብሰላሕ መላሕ*
*ክትምክቶም ተዳሊኻ ጽናሕ*
*ቅምድ ቁርሲ የሎን ምሳሕ*
*ተጠንቂቕና ብጽፈት ንስራሕ..*

*ምስ ዘይመላፍንትኻ ጸሚድካ*

ንህዝቢ ኣይተድሕን ንታሪኽካ
መላፍንትኻ ምፍላጥ ኣቐዲምካ..

ልሳን ኢሰያስ ሻርሊ ኣስመላሽ
እኒ ክሻ ማንኪ ናይ ጭፍራ ብላሽ
ከም ሃመማ መስከረም በሎም ሽሽ
ደጊም ኣይርከብን ክትሕሱ ምጋሽ..

ናይ መወዳእታ ንንዮውርክ ንረድ

ኣብ ክሳዶም ኣላ እታ ገመድ
ኣርዮስ ምስ ጉጅልኡ ክፍረድ..

ንስምረት ከፊልናሉ መስዋእትነት
ወደባት ኣብ ዓዱ ዩ ዘለዎ ክብረት
ስምረት ክንብል ኣሪግና ኣብ ስደት
ምስ ኢሰያስን መሰልቱን የለን ስምረት
ስምረት ጨሪሕና ንልዕሊ 40 ዓመት
ስምረት ክንብል ተላኻኺምና ኮና ጓኖት..

ኣልቦ ቁዋም ሕጊ ኣብ መንነትና ተሓቢኡ
ብዘይ ፍቃድ ህዝብና ንርብዒ ዘመን ገዚኡ
እንታይ ምበሉና ሰማእታትና እንተ ዝትንሱኡ
ወሲና ናብ ስራሕ ንበገስ ክንገብር ሐዲኡ..

ውሽጡ ጓንጓ ብሓሶት ዝተሸፈነ
ኣብ ጥራሕ ጎልጎል ዝብል ኣነ ኣነ
ንየለዉን ዝብሉና ክነሳኒ ዘይኮነ
ንቅድሚት ምስቲ ንድሕነት ህዝቢ ዝወሰነ
ኣነ ዝምነ
ኣብ ዓድና ንዓመታ እዛ እዋን ከምዛ ቕነ..

ኣብ ዳውን ዳውን ገንዘብና ኣይንጸንቅቆ
ንዕባይ ኣባሻውል ጀጋኑ ኣፍሪና ክንብርቅቖ

*ብቕልጽምና ክሕምሽሽ ናይ ህግደፍ ሕቖ..*

*ደቂ ሐርበኛ ስዉእ ዓዎተ ናብ ስራሕ ንጉየ*
*ከም ናይዝጊ ክፍሉ ከም ግርማ ኣስመሮም ሃየ*
*ኣርዮስ ወዲ ዓድዋ ምስ ምስጢሩ ከይተደበየ*
*ኣብ ኒውዮርክ ዘይወዓለ ኣይበል ተቓ ዋሚ እየ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና.*
*ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*